# ሕብረት

ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን።

ካባይ ጀሚርና ዕዉት መንፈሳዊ ክነብር ዘይደሊ ኣማኒ የሎን። ይኹን ደኣ እምበር ነዚ ሽቶ እዚ ንምውቃዕ ብዘይ ጥቡቕ ምሕዝነት ምስ መንፈስ ቅዱስ ትምኒት ጥራይ  ኮይኑ እዩ ዝተርፍ። ሕብረት ምስ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኩሉሳዕ እንምነዮ ልዕለ-ተፈጥሮ ዝኾነ መንፈሳዊ ልምምዳት ኣውራን መጣጥሒ ባይታን እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 2ይ መልእኽቲ ንሰብ ቆረንቶስ 13፡14 “ ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን *ሕብረት* መንፈስ ቅዱስን ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን። “  ኢልዎም። ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ነታ *ሕብረት* እትብል ቃል ክነተኩረላ ደልየ ኣለኹ። እቲ ምንታይ እቲ ሎሚ እንዛረበሉ ዛዕባ *ሕብረት* ምስ መንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ እዩ።

ኣብቲ በኹሪ ጽሑፍ ቃል ኣምላኽ እታ *ሕብረት* እትብል ቃል ብቋንቋ ጽርኢ ክትርጎም ከላ ኮይነንያ *koinonia* እያ ትብል። እታ ቃል ባዕላ ክትርጎም ከላ ሃብታም ሓያለ ትርጉምን ዝሓዘት ኮይና ካብተን ትርጉማታ ሓንቲ *ሽርከነት* እተስምዕ ክንዛተየላ ኢና።

ነዛ ኮይነንያ *koinonia* እትብል ቃል ተሰንያ እሞ ተብርሃ ኣብ ማቴ. 5፡7 ጎይታ የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ብልዕለ ተፈጥሮ መገዲ ኣዝዩ ብዙሕ ዓሳ ክገፉ ምስ ኣኽኣሎም ዝነበረ ኩነታት እትዝርዝር እያ። እቶም ደቀመዘሙርቲ ምልእቲ ለይቲ ክገፉ ፈቲኖምሲ ሓንቲኳ ክሕዙ ስለዘይከኣሉ ጎይታ ምስ ኣዘዞም ግና  ነቲ መርበቦም ምጻሩ ክሳዕ ዝስእኑ ከም ዝኸበዶም ነንብብ።
ጵጥሮስ ነቲ ዝገፈፍዎ ዓሳ ንሱን ሓዉን መሳርሕቱን ወሲኽካ ክጾርዎ ከም ዘይክኣልዎ ስለዝፈለጠ ኣብ ጥቓኡ ዝነበሩ ሰብ ጀላቡ ሓገዝ ከም ዝሓተተ ነንብብ። ሉቃስ ኣብ ወንጌሉ ከምዚ ዝስዕብ ገይሩ ኣስፊርዎ ኣሎ።
*“ ነቶም ኣብታ ኻልኣይቲ ጃልባ  ዘለዉ ብጾቶም ከኣ መጺኦም ኪድግፍዎም ኣመልከትዎም። መጺኦም ድማ ንኽልቲኤን ጃልባ ጥቓ ምጥሓል ክሳዕ ዚቀርባ መልእወን። ”*

እታ *ብጾቶም* እትብል ቃል ንሰብ ብርኪ ዘመልክት ሓሳብ ክነሳ እዚኣ ጥቕሲ ምስቲ ኣብዛ ትሕቲ ኣርእስቲ እንዛረበላ ዘሎና ኮይነንያ *koinonia*  እትብል ቃል እዩ ወንጌላዊ ሉቃስ ተጠቒሙ። ሃዋርያ ጵጥሮስ ቅድሚ ናብ ዕዮ ወንጌል ቅድሚ ምውፋሩ ዘካይዶ ዝነበረ ትካል ምግፋፍ ዓሳ ንእሽቶ ከምዘይነበረ ይሕብር። እዞም *ብጾቶም* ብንጹር ካልእ ክፋል ዕዮ ባዓል ጵጥሮስ ይኹን መሻርኽቶም ብግልጺ እንተዘይሰፈርልናኳ ኣብ ሓደ ዓይነት ሙያ ኮይኖም ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ኣተኩሮም ዝዓዩ ነበሩ ምኳኖም ግሉጽ እዩ።

**ክሳዕ ኣብዚ ከምዚ ካብ በልና 2ቆረ. 13፡14 ከምዚ ዝስዕብ ሓሳብ ኣስፊራ ኣላ ምተባህለ፡**

*“. . . . . . . ሕብረት መንፈስ ቅዱስውን ምስ ኩላትኩም ይኹን። “*

ጎይታ የሱስ ኣብዚ ናይ ምድሪ ኣገልግሎቱ ምስ መንፈስ ቅዱስ ብምሕዝነት ወይ ብምድግጋፍ እዩ ወዲኡን ኣስሊጡን ዝኸደ። ብመንፈስ ቅዱስ *ተጠኒሱ* (ሉዋስ 1፡35) ብመንፈስ ቅዱስ *ተቐቢሉ* (ማቴ. 3፡16) ብመንፈስ ቅዱስ *ተመሪሑ* (ማቴ. 4፡1) ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ሕሙማት *ፈዊሱ* (ግብ.10፡38) ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣጋንንቲ *ኣውጺኡ* (ማቴ.12፡28) ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ካብ *ምት ተንሲኡ* (ሮሜ. 8፡11) ድሕሪ ትንሳኤ ካብ ሞት ድማ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ የማን *ኣቦ ተቐመጠ* (ኤፌ. 1፡ 19,20)  እሞ እምበኣር ጎይታ የሱስ ክሳብ ክንድዚ ምስ መንፈስ ኣምላኽ ብቐረባ ኮይኑ ክንቃሳቐስን ካብ ኣድለዮን ኣነን ንስኻትኩምን ድኣ እሞ ክሳብ ክንደየናይ ዘየድለና። ካብቲ ኣነ ዝገበርክዎ ንላዕሊ ክትገብሩ ኢኹም (ዮሃ. 14፡12) እንተይሉና ብዘይ ሓገዝ መንፈስ ቅዱስ ሓንቲ ክንገብር ከምዘይንኽእል ኣይንዘንግዕ።

ሕጅውን በዛ ኮይነንያ *koinonia* እትብል ቃል *ምክፋል*/ *ምሕባር* ዝብል ካልኣይ መልእኽቲ ከምዝሓቖፈት ካብ ካልእ ክፍሊ ጽሑፍ ከነማሳኽር ንኽእል ኢና። እታ ቃል ኣብ ዓውዲ ንባብ ምስ እትኣትው ትርጉማ ወይ ኣባህላኣ  *ንኻልእ ሰብ ምሉእ ሓላፍነት ወሲድካ ምጵላይ* ዝብል ሓሳብ ተስምዕ። ኣብነት ኣብ ፊሊጲ 4፡14 ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ማእሰርቲ ከሎ ማሕበር ፊሊጲ ዝገበሩሉ ሓገዝ ዘኪሩ ክንእዶም ከሎ እተጠቐመሉ ቃል ኮይነንያ *koinonia* እዩ። “ ኣብቲ ጸበባይ ብምሕባርኩም ግና ጽቡቕ ገበርኩም።

ንሰብ ቆሎሴ ክጽሕፈሎም ከሎ ብምኽንያት ወንጌል ኣብ ሮሜ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምንባሩ ኩላትና ንዝክር ኢና ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኸሎ ድማ ካብተን ብኹሉ መስዋእቲ ከፊሉ ዝተኸለንን ዘገልግለን ማሕበራት ብዘይካ ማሕበር ፊሊጲ ቁጠባዊ ሓገዝ ዝወፈየትሉ ኣይነበረን።

ብማእሰርቲ ኣብ ሮሜ ኸሎ ዘገረሞ ካብ ፊሊጲ ሓንቲ ደብዳበ ትመጾ እሞ እንተኸፈታ ድማ ሒደት ዘይኮነ ሓገዝ ገንዘብ ሒዛ ምጽንሓ እዩ። ነቲ ኣብ ቤት ማኣሰርቲ ዝረኸቦ ዝነበረ ጸበባ ድሓርውን ድሕሪ ካብ ማእሰርቲ ምውጻኡ ዘድልዮ እዋናዊ ሓገዝ ከይሓሰቦ ካብታ ማሕበር ደበኽ ኢሉሉ። ሰብ ፊሊጲ  ንጳልየሉ ጥራይ ይኣኽሎ እዩ ኣይበሉን! የግዳስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ ኣገልገሊኦም ቁጠባዊ

*ሓላፍነት* ምውሳድ *ሓላፍነት* ገይሮም ምውሳዶም ስሌኦም ንኣምላኽ ከመስግን ንርእዮ። ጳውሎስ ብቋንቋ ጽርኢ ነዛ ካብ ቆሎሴ ዝመጸቶ ሓገዝ ኣመልኪቱ ንምግላጽ እተጠቐመላ *ሓላፍነት* እትብል ቃል ምስታ ኣብ 2ቆረ. 13፡14 *ሕብረት* መንፈስ ቅዱስ እትብል ሓደ እየን።

**እምበኣር ንኣብ 2ቆረ. 13፡14 ዘላ ብኸምዚ ክትንበብ ምተኻእለ፡**

“. . . . . . . . ሓላፍነት መንፈስ ቅዱስውን ምስኻትኩም ይኹን።”

በዚ ኣባህላ እዚ ድማ መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽኩም ካብ ምኳን ሓሊፉስ ዓርክኹም ወይውን ሽርካኹም ጥራይ ክኸውን ዘይኮነስ ኣብዛ ምድሪ ክሳብ ዘሎኹም ኣብቲ ዕዮኹምን ናብራኹምን ክትዋሰኡ ከለኹም *ሓላፍነት* ዝወስድ ንሱ ክኸውን እዩ ማለት የስምዕ። ደጊም ቃል ኣምላኽ ዝብለና ዘሎ ዝኾነ ነገር ክትገብሩ እንተ ደሊኹም መንፈስ ቅዱስ ኣማዕድዩ “ *ሕራይ እንተኽኢልካዮ ብዘይ ሓገዘይ ግበሮ ክብለካ ይኽእል”* ወይ ድማ ፍቓድኩም እንተሃብኩሞ ምሉእ *ሓላፍነት* ክወስድ ቅሩብ እዩ።
ኣውያተይ ውሽጠይን ኣውያትኩላትናን መንፈስ ቅዱስ ኣብዛ ምድሪ ክሳብ ዘሎና መሻርኽትናን ሓላፍነታውን ክኸነልና እንተ ድኣ ኾይኑ ምስኡ ጥቡቕ ዝኾነ ምሕዝነትን ጥቡቕ ዝኾነ ርክብን ክነጥሪን ክነማዕብልን ኣሎና። ኣውራና ንሱ ይኹን! ኣብዛ ምድሪ ኣብ ክርስቶስን ብክርስቶስን ንዝተዋህበና ዕማም ብግቡእ ክንፍጽም እቲ *ሓላፍነት* ክወስደልና ድሉው ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ቀዳማይ ስፍራ ንሃቦ። ንሱ እሙን እዩ! “ ኣብ ጸጽባሕ ድማ ሓድሽ እዩ እሙን ምኳንካ ዓቢ እዩ።”  (ደጉዓ እርምያስ 3፡23)